# ኣብ **ኦንላይን/ኢንተርነት ብዝያዳ ደሓን/ውሑሳት** ኩንኩም ንምጽናሕ **10 ምኽርታት**

- ብዛዕባ ዝጥቀሙሉ ዘለዉ ኣፕስን (apps) ዝራኸቡዎም ሰባትን ስሩዕ ዝርርብ ግበሩ፤ ንጹር ዶባት ኣቐምጡ፣ ዋላ እውን ጽሓፍዎም።
- ከከም ዕድመ ደቅኹም፣ ሓደስቲ ጸወታታት ቅድሚ ምጽዋቶም ወይ ንዕድመ/ሕቶ ዕርክነት ምቕባሎም ምሳኹም ክራኸቡ ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም። ትሕቲ 10 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ኣብ ኦንላይን/ኢንተርነት ዝገብርዎ ንጥፈታት ብወላዲ ወይ ደሓን ዚኾነ ዓቢ ሰብ ምቍጽጻር ኪግበር ንላቦ።
- ብዙሓት ቆልዑ ናይ ስክሪን (screen) ግዜኦም ወይ መሳርሒታቶም (ታብሌት፣ ቴለፎን፣ ወዘተ.) ከይውሰዶም ስለ ዝፈርሑ ደገፍ ንምርካብ ኣይመጽኡን፣ ደቅኹም ሓገዝ እንተሓቲቶም ኣብ ጸገም ከም ዘይወድቁ ከም ዝፈልጡ ኣረጋግጹ።
- ንደቅኹም፣ ናይ ኦንላይን/ኢንተርነት-ኣዕሩኽ ከም'ቲ ንሳቶም መን ምዃኖም ዝብልዎ ናይ ግድን ከምዘይኩኑ ኣዘኻኽርዎም። ቆልዑ ብብሕቲ ንከዕልሉ ወይ ንናይ ኦንላይን/ኢንተርነት ዓርኪ ብኣካል ንኪራኸቡ ኪውስኑ ከለዉ፣ ንዝተወሰነ እዋን ከዕልሉ ስለ ዝጸንሑ ከም ዓርኪ ክቖጽርዎም ይኽእሉ ኢዮም። ኣብ ሓቀኛ ህይወት ዘይፈልጥዎ ሰብ ሕጂ'ውን ከም ጋሻ ይቍጸር ዝብል ኣተሓሳስባ ደጊምኩም ኣረጋግጹ።
- ንደቅኹም ኣብ ኦንላይን ዝራኸብሉ መድረኻት (platforms) ክቕይሩን/ወይ ድማ ናይ ጸወታ ኣዕሩኽ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ኪውስኹን ከምዘይብሎምን ምኽርዎም።
- ኣየኖት ዓይነታት ሓበሬታ ክካፈሉ ከምዘይብሎም ዘርዝሩሎም። ንኣብነት፣ ዕድመ፣ ቦታ፣ ውልቃዊ ሓበሬታ፣ ስእልታት።
- ንደቅኹም ከም ገንዘብ፣ ናይ ህያብ ካርድ፣ cheat codes ወይ admin codes ካብ ናይ ኦንላይን/ ኢንተርነት ኣዕሩኽ ብኦንላይን/ኢንተርነት ህያባት ፈጺሞም ከይቅበሉ ምሃርዎም።
- ብዘይህላወ ወላዲ ወይ ካልእ ደሓን ዝኾነ ዓቢ ምስ ናይ ኦንላይን/ኢንተርነት ዓርኮም ብኣካል ፈጺሞም ክራኸቡ ከምዘይብሎም ግለጹሎም።
- ሓደ ሰብ ጾታዊ ምስሊ ክሰደሎም እንተሓቲቱ ወይ ጾታዊ ንብረት እንተሰዲዱሎም እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎም ዝዝርዝር ምስ ደቅኹም ውጥን ድሕነት ፍጠሩ፥ ኣብ ዕላል ምስታፍ ምቍራጽ፣ ንኣላዪ/ተኸናኻኒ ወይ ካልኦት እሙናት ዓበይቲ ምንጋር (ሓደ እሙን ዓቢ መን ምዃኑ ግለጹ)፣ ጸብጻብ ምሃብ፣ ከምኡ'ውን ነቲ ደቅኹም ድሕነት ከም ዘይስምዖም ዝገብር ዘሎ ሰብ ምዕጋት/ምኽልካል።
- ደቅኹም ኣብ ኦንላይን/ኢንተርነት ኣብ ሓደገኛ ባህርያት ይዋፈሩ ከምዘለዉ እንተ ኣስተብሂልኩም፣ እዚ ባህሪ እዚ ስለምንታይ ደሓን/ውሑስ ከምዘይኩነ ምስኦም ዕላል ግበሩ እሞ ዝያዳ ደሓን ዝኾነ ፍታሕ ንምርካብ ብሓባር ስርሑ።

plea | Children of the Street